# ድሉውነትና ነዛይደሉ ንቡር መዓልታዊ ህይወት

## መንግስቲ ኮሮና ንምትሕላዝ ናይ ነዊሕ ጠመተ ስትራተጅን መደብ ድሉውነትን ዳግመ ገምጋም ብምኽያድ ድሕሪ 4 ይ ጽፍሒ ዝመጽእ መድረኽ ‘’ድሉውነትና ነዛይደሉ ንቡር መዓልታዊ ህይወት’’ ብምባል ሰምዩዎ ኣሎ።

ስትራተጂ መንግስቲ ለበዳ ኮቪድ-19 ብቐጻሊ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምህላው ኢዩ። ለብዒ መታን ካብ ቁጽጽር ከይወጽን ንኣገልግሎታት ጥዕናን ክንክንን ልዕሊ ዓቕን ተጽዕኖ ንከይኰነንን ኢዩ።

**ድሕሪ 4ይ ጽፍሒ**

– 4ይ ጽፍሒ ምስ ኣብቅዐ ስትራተጂና ካብ ምቁጽጻር ናብ ድሉውነት ክነሰጋግሮ ኢና። ናብዚ ‘’ድሉውነትና ነዛይደሉ ንቡር ሂወት’’ ኢልና ሰሚናዮ ዘለና መድረኽ ቀልጢፉ ተባሂሉ ኣብ መጀመርታ መስከረም ክንጅምሮ ንኽእል እንተኾይንና ኢና ክንግምግም ንኽእል ትብል ቀዳማይ ሚኒስተር ኣርና ሱልባርግ። እዚ ‘’ድሉውነትና ነዛይደሉ ንቡር መዓልታዊ ሂወት’’ ኢልና ሰሚናዮ ዘለና መድረኽ ብመልክዕ ኣስተዋጽኦ ብኽልተ ነጥብታት ክግለጽ ይኽእል፡

- ህዝብና ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ ብለበዳ ብዙሕ ኣይክጽሎን እዩ። ጌና ሽዑ ውን ጽሬት ኢድን ብቅኑዕ ኣገባብ ኡሕ ምባልን፡ እንተሓሚምካ ኣብ ገዛ ምጿን ዘይምክባድን ብመሰረት ህሉዋት ምኽርታት ከኣ ምምርማር ዘይምርሳዕ ኢዩ።
- ጎኒ ጎኑ ከኣ ከባብያውን ሃገራውን ሰበስልጣን ንምዕባለ ኲነታት ብጥብቂ ክከታተሉዎ እዮም፡ ኲነታት እንተደኣ ተቐይሩ ስጉምትታት ንምትእትታው መታን ክክኣል ዝዓለመ ኢዩ። መንግስቲ፡ ሰበ-ስልጣን ጥዕና፡ ሆስፒታላትን ንኡሳን ዞባታትን ምክትታልን ድሉውነትን ከዛይዶኦ እየን።

–ጥዕና ህዝብና ምሕላውን፡ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ዝኸሰቱ ምዝንባላት ምንካይን ንቁጠባና ምክልኻልን ዝብሉ ሸቶታት ክንቅጽሎም ኢና። ቈልዑን ንኣሽቱን ጌና ሕጂ ውን ቀዳምነት ክወሃቦም እዩ፡ ድሕሪኦም ከኣ ቦታታት ስራሕን ጽላት ንግድን ይስርዑ ትብል ሱለባርግ።

**ዝምልከቶም ሰበስልጣናት ብንቕሓት ክከታተሉዎ እዮም**

> መደብ ክትበት ጸረ ኮሮና ኣብ ኖርወይ ብልዑል ፍጥነት ይግስግስ ብምህላዉ ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ካብኦም ልዕሊ 65 ሚእታዊት ሕጂ ቀዳማይ ክታበት ተወጊኦም ኣለዉ። ኣብ ህዝብና ብክትበት ዝብጻሕ ብዩንነት ብዝለዓለ ተኽእሎ ነቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ለበዳ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከነእትዎ ኣኻሊ ክኸውን እዩ፡ ጸኒሑ ድማ እቶም ርከባት ዘቖንሱ ስጉምታት፡ መርመራ፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዒን ውሽባን/TISKን ካልኦት መገሻዊ ስጉምትታትን ክትክኦም ይኽእል እዩ።

– ክትበት እንዳዛየደ ክመጽእ ከሎ ለበዳ ንኽንተሓሓዘ ኣተኣታቲናዮም ዘለና ስጉምትታት ቀስ ብቐስ ክቐንሱ ይኽእሉ እዮም፡ ሕብረተሰብና መታን ናብ ንቡር ንክምለስ ኢዩ። ኮይኑ ከብቅዕ ከባብያውን ሃገራውን ሰበስልጣን ብንቕሓትን

ብጥብቕን ንምዕባለ ኩነታት ክከታተሉዎ ኣሎዎም መታን ኩነታት እንተደኣ ተቐይሩ ብቕልጡፍ ስጉምትታት ክተኣታትዉ። ዝጠንከረ ምክትታልን ድሉውነትን ክህሉ ኣድላዪ ክኸውን እዩ መታን ስጉምትታት ምክልኻል ለብዒ ኣብ ሓጺር እዋን ምዝያድ ክከኣል ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ንኡሳን ዞባታትናን ካልኦት ኣካላትን ኣብ ወቕቲ ቀውዒ 2021 እኹል ሞያዊ ብቕዓትን ድሉውነትን ሒዞም ንኽቕጽሉ መደብ ክሕንጽጹ ይግብኦም፡ እዚ መታን ለብዒ እንተደኣ ገኒኑን ጾር ሕማማት ከቢዱን ሰራሕተኛታት ብቕልጡፍ ንምውፋር ክበቕዑ ዝዓለመ ኢዩ። ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝመጽእ እዋን እውን ንክትበትን TISKን ዝሽፍን ዓቕምታት ክህልወን ኣለወን።

**ምናልባታዊ ተርእዮታት ቀውዒ/ክረምቲ 2021**
ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ንቀውዒ/ሓጋይ 2021 ሰለስተ ምናልባታዊ ተርእዮታት ሓንጺጾም ኣሎዉ። እዞም ምናልባታዊ ተርእዮታት ከም ትንቢታዊ መደብ ዝቐጸሩ ኣይኮኑን፡ ግን ዝተወሰነ ቅድመኩነት እንተደኣ ተማሊኡ ምዕባለ ለበዳ ከመይ ክመስል ከምዝኽእል መርኣያታት እዮም። ንኺጋጥም ዝለዓለ ተኽእሎ ዘለዎ ምናልባታዊ ተርእዮታት ቁ. 2 እዩ፡ እንተኾነ ግና ምናልባታዊ ተርእዮ ቁ. 1 እውን ንኺጋጥም ተኽእሎ ኣሎ። ምናልባታዊ ተርእዮ ቁ. 3 እንተደኣ ተኸሲቱ ኣብ መኸተ ለበዳ ዕብይ ዝበሉ ምቅይያራት ከነተኣታቱ ክንግደድ ኢና።

ሓደ ምናልባታዊ ተርእዮ ኣጋጢሙ ማለት እቶም ካልኦት ከጋጥሙ ኣይክእሉን እዮም ማለት ኣይኮነን:

**1ይ ምናልባታዊ ተርእዮ:**
እቶም ካብ ህዝብና ክታበት ከወስዱ ኣለዎም ኢልና ንመኽሮም ምስ ተኸተቡ ካብ ለብዕን ሕማምን ብኣድማዕን ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ኣገባብን ይከላኸለሎም። ዝርግሐ ክትበት ኣብ ኤውሮጳ እንዳወሰኸ ይኸይድ፡ ከምኡ’ውን ነተን ትሑትን ማእከላይን ኣታዊታት ዘለወን ሃገራት ክታበታት ብዝቐልጠፈ ክረኽባሉ ዘኽእለን ኣህጉራዊ ፍታሓት ይተኣታቶ። ቀስ ብቐስ ለብዒ ንሃገር ከይኣቱ ዝተኣታተዉ ስጉምትታት ክፋኹሱ ይኽእሉ።

ንምሉእ ክትበት ዝተኸተቡ ሰባት በዳህቲ ዝኾኑ ሓደስቲ ባህርያት ዘለዎም ዓይነታት ቫይረስ ኣይመጹን። ኣገልግሎታት ጥዕናን ክንክንን ዳርጋ ንቡር ኣሰራርሓ ክኽተላ ዓቕምታት ይህልወን፡ ኮይኑ ከብቅዕ ኢንፍሉወንዛን ካልኦት ሕማማት ስርዓት-ምስትንፋስ ብብዝሒ ዝረኣየሉ ወቕቲ ክመጽእ ይኽእል። እቶም ዘይተኸተቡ፡ ኣውራ እቶም ንኣሽቱ ብዙሕ ለብዒ ኣይረኣየሎምን እሞ ብዝሕ ዝበለ ከበድቲ ሕማማት ኣየስዕብን። እቲ ዝባራዕ ለብዒ ከኣ እታ ዝምልከታ ንኡስ ዞባ ከባብያዊ ስጉምታት ብምትእትታው ብኣድማዒ ዝኾነ ኣገባብ ትምክቶ። ምስ ግዜ ምኻድ ኮቪድ-19 ማዕረ ካልኦት ረኽስታት ስርዓተ ምስትንፋስ ተሰሪዑ ብምክትታል፡ ብክትበትን ሓፈሻዊ ስጉምታት ጽሬትን ይምከት።

**2ይ ምናልባታዊ ተርእዮ:**
ንኡሳን ዞባታትና ከይተሓለላ ብልዑል ጻዕሪ ብምስራሕ ክትበት ህዝብና ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ብልዑል ፍጥነት ይግስግስ። ክረምቲ ኣብ ምውድኡ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ኣብ ኖርወይ ዝባርዑ ለብዕታት ይውሕዱ፡ ከምኡ’ውን ኣብተን ልዑል

ዝርግሐ ክትበት ዘለዎን ሃገራት ኤውሮጳ ለብዒ እንዳቐነሰ ይኸይድ። ብኣህጉራዊ ደረጃ ከኣ ክታበት ጽቡቕ ጌሩ ዘይሰርሓሉ ሓድሽ ባህርያት ዘለዎ ቫይረስ ሻቕሎት ይፈጥር። መገሻዊ ስጉምትታት ንክተኣታቶ ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል። ሓደ ወይ ብዙሓት ሓደስቲ ዓይነታት ቫይረሳት ዝያዳ ተመሓላለፍቲ ይኾኑ፡ ክታበት ኣድማዕነቱ ቀኒሱ ይውሕድን ኣብ ኖርወይ ኣብ ሆስፒታል ዝዕቀቡ ተሓከምቲ ንክበዝሑ ዘሎ ተኽእሎ ይዛይድን ኣብ ኖርወይ የስፋሕፍሖን።

ኣብ ሕብረተሰብና ምስፍሕፋሕ ለብዒ ይዛይድ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ንኣሽቱ። ኣብ ሕክምናታት ዝባርዑ ለብዕታት ይዛይዱ። ጎኒ ጎኑ ድማ ወቕቲ ኢንፍሉወንዛን ካልኦት ሕማማት ስርዓተ-ምስትንፋስን ንኣገልግሎታት ጥዕናን ክንክንን ተጽዕኖታት ይፈጥረለን። ዓቕምታት ንኡሳን ዞባታት ኣብ በዳሂ ደረጃ ይበጽሕ፡ እንተኾነ ግና ከባብያዊ ስጉምታት ብምትእትታው ብዙሕ ከይተጸገማ ነቲ ዝባራዕ ለብዒ ክምክቶኦ ይኽእላ።

**3ይ ምናልባታዊ ተርእዮ:**

ንኣሽቱ ምስ ካብኦም ዝዓበዩ ክልታት-ዕድመ ብምንጽጻር ክታበት ክኽተቡ ዘለዎም ድሌት ኣጸቢቑ ዝወሓደ ይኸውን። ብኣህጉራዊ ደረጃ ድማ ሓድሽ ዓይነት ቫይረስ የስፋሕፍሕ፡ ክታበት ድማ ካብኡ ንክከላኸለልና ዘለዎ ኣድማዕነት ኣጸቢቑ ይቕንስ። መገሻዊ ስጉምትታት ምትእትታው ኣድላዪ ይኸውን። ሰብ ብስጉምትታት ተቐይዱ ንክነብር ብጣዕሚ ስለዘዳኽሞ ኣብ ኤውሮጳ ዓበይቲ ሰልፍታት ተቓውሞ ይካየዱ። ሓድሽ ዓይነት ቫይረስ ክታበት ጽቡቕ ጌሩ ክከላኸለሉ ዘይክእል ይመጽእ፡ ንሱ ድማ ዝያዳ ክብደት ዘለዎ ሕማም የስዕብን ኣብ ወቕቲ ቀውዒ ከኣ ኣብ ኖርወይ ዓብላሊ ይኸውንን።

ኣብ ወቕቲ ቀውዒ ዝመጽእ ሃገራዊ ማዕበል ለበዳ ንኩሉ ክልታት ዕድመ የጥቅዖም እሞ ዝተኻበደ ሕማማት ከኸስት ተኽእሎታት ይህሉዎ። ኣብ ብዙሓት ንኡሳን ዞባታት ለብዒ ይባራዕ። ጎኒ ጎኑ ከኣ ከቢድ ወቕቲ ኢንፍሉወንዛን ካልኦት ሕማማት ስርዓተ ምስትንፋስን ንሆስፒታላትናን መሰረታዊ ኣገልግሎት ጥዕናን ዓቢ ተጽዕኖታት የሕድሩሉ። ኣገልግሎታት ጥዕናን ክንክንን ንኡሳን ዞባታትናን ልዕሊ ዓቕመን ከይከውን ከበድቲ ሃገራዊ ስጉምታት ምክልኻል ለብዒ ምትእትታው ኣድላዪ ይኸውንን TISK ከም ብሓድሽ ይተኣታቶን።

ህዝቢ ኖርወይ ስጉምታት ብጣዕሚ የዳኽሞን ዓበይቲ ኣድማታት ይካየዱን። ንኩሉ ሰብ ሓደ ዝተመዓረረየ መርፍእ ክታበት ምሃብ ኣድላዪ ይኸውን። እዞም ክታበታት ኣብ መጀመርታ 2022 እዮም ተረኪብቲ ዝኾኑ፡ እንተኾነ ግና ውሑድ ብምዃኑ ክታበት ከም ብሓድሽ ንዝተወሰኑ ጉጅለታት ቀዳምነት እንዳሃብና ክንዝርግሖ ንግደድ።